እቲ ናይ ቢልዱንግስ-ፓስ ናይ ትምህርቲ ሰነድ፡ ንኹሎም (ሓደስቲ) ዝመጹ ስደተኛታት፡ ብወለንተናዊ ድልየቶም ንኽጥቀሙሉ ተቐሪቡሎም ኣሎ፡ ከምኡ'ዉን፡ ካብ 15/16 ዝዕድሜኦም ንኽጥቀሙሉ ሓሳብ ይቐርብ።

እቲ ፓስ ክኣ ዕብየቱ፡ ዲን ኤይ 4 ዝብሃል ማለት (ዕብየት ሓደ ልሙድ ፍልዮ ናይ ኮምፕዩተር) ኮይኑ፡ ኣብ ክንድኡ ኣብ መቐመጢ ማፕ / ቁርባበኛ ናይ ፕላስቲክ፡ መጠረዚ ዝኣተወ ኮይኑ፡ ትሕዝቶኡ ኸኣ፡ እዚ ዝስዕብ ነጥቢታት ዝሓዘ እዩ፦

- ✓ ሓባሪ ናይ'ተን ኣብ ከባቢ ዝርከባ መወከሲ ቦታታት
- ✓ ዉልቃዊ መግለጺ መንነት ናይቲ ቢልዱንግስ-ፓስ ናይ ትምህርቲ ሰነድ ዝሓዘ ወናኒ
- ✓ ኣቐዲሙ ዝተዳለወ ታሪኽ-ሂወት፡ ንናይ ፈለማ ሓገዝ፡ ነቲ ብኢድ ዝጽሓፍ፡ ወይከኣ ኦንላይን ኣብ ኮምፕዩተር ማለት ኣብ መስመር ኢንተርነት ኣቲኻ ዝምላእ፡
- ✓ ነቲ ዝተገብረ ፕራክቲኩም / ልምምድ-ስራሕ ጭብጢ ንምቕራብ ተባሂሉ፡ ንኣጽሓሕፋኡ ዝተዳለወ ቅጥዒ / ዝተቐረበ ጽሑፍን፡ ብወለንተና ዝዉሃብ ቀጺልካ ንኽትምሃር ዘኽእል ቀረብ ትምህርቲን ወዘተ

ብተወሳኺ ክኣ፡ ኩሉ ንትምህርቲን፡ ንሞያዊ ትምህርቲን ኣገዳሲ ዝኾነ ሰነዳት፡ ኣብቲ ማፕ/ ናይ ፕላስቲክ ቁርባበኛ ክትእክቡን ከምኡ'ዉን ክትጥርንፉን ትኽእሉ።

## ብኽብረትኩም፡ ኩሉ ግዜ ነቲ ናይ ትምህርቲ ፓስ ናትኩም ምሳኹም ተማልእዎ እንተድኣ፦

… ንስኹም ናብ በራቱንግስተርሚን / ናብቲ ናይ ምኽሪ ዝዉሃበሉ ቆጸራኹም ትኸዱ ኣሊኹም፡

… ንስኹም ናብ ሓደ ዉሃቢ ስራሕ ክትቐርቡ ሎንኩም፡ ወይከኣ ኣብ ሓደ ናይ ፕራክቲኩም ትካል ክትቀርቡ ሎንኩም

… ንስኹም ናብ ሓደ ቤት ትምህርቲ ክትቐርቡ ሎንኩም፡

እቲ ናትኩም ዝተዳለወ ኤክሰምፕላር / ምስ ናይ ካልኦት ዘይመሳሰል እንኮ-ጽሑፍ፡ ኣብቲ ንስኹም እትፈልጥዎ ቤት ምኽሪ ክዉሃበኩም እዩ፡ ከምኡ'ዉን ኣብቲ ናይ ምዉህሃድ ሞያ፡ ምጽንባር ኣብ ሞያን፡ መሰጋገሪ / ግዝያዊ ክፍሊታት ትምህርቲ ክዉሃበኩም እዩ። ንሕና፡ ነቲ ዝምላእ ጽሑፍ ኣብ እትመልኡሉ እዋን፡ በቲ እትኣምንዎ ቤት ምኽሪ ክትሕገዙ ይሕሸኩም ዝብል ምኽሪ ክንህበኩም ንፈቱ።

## ዑቕባ ሓታቲ / ት ዲኹም / ኽን ወይክኣ (ዉጹ ከይበሉኹም / ኽን) ዝተዓገሱኹም ዲኹም / ኽን?

ነዚ ናይ ትምህርቲ ፓስ (ተጠቒምኩምሉ ማለት) ምጥቃም፡ ኣብቲ መስርሕ ዑቕባኹም ኮነ ከምኡ'ዉን ኣብቲ እተቕርብዎ ናይ ዑቕባ ጽሑፋዊ-ጠለብኩም / ማመልከቻኹም ዋላሓንቲ ዉጽኢት ከም ዘይብሉ ነፍልጠኩም ኣሎና። ብዛዕባኡ ዝዉስን፡ ናይ ፌደራል ቤት ጽሕፈት ተፈናቐልትን ስደተኛታትን ጥራሕ እዩ። ዋላ ነቶም (ዉጹ ከይበሉ..) ዝተዓገሱዎም ሰባት፡ እዚ ናይ ትምህርቲ ፓስ፡ ኣብቲ ናይ ኣብዚ ምንባር መሰል፡ ዝኾነ ይኹን ተጽዕኖ ከም ዘይብሉ ክነፍልጠኩም ንፈቱ።

እዚ ናይ ትምህርቲ ፓስ፡ ብሓባራዊ ስራሕ ምስተን ኮማት ዝቖመ እዩ፦ ላንድክራይስ / ክሊ ኣዉራጃ ረገንስቡርግ፡ ከተማ ኣምበርግ-ዙልትስባኽ፡ ከምኡ'ዉን ከተማ ረገንስቡርግ፡

(ኣድለይቲ) ነገራት ካብ ኮምፕዩተር ንኽጽዓኑ፦_____።